**ብ13 ጥሪ 2017 ንዝተሰወአ ገዲም ተቓላሳይ ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም**

**ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ ናይ ሓዘን ስነ-ስርዓት ተገይርሉ።**

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ ዝነብሩ ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ውድባት ካልኡት ፈተውትን ኣዕሩኽን ናይ'ቲ ንነዊሕ ሓሚሙ ብሕክምና ክእለ ድሕሪ ምጽናሑ ብ13 ጥሪ 2017 ዝተሰወአ፡ ኣብ ኤርትራ ንሃገራዊ ነጻነትን ህዝባዊ ሓርነት ኣብ ዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ ልሉይ ተራ ዝነበሮ ውሩይ ተቓላሳይ ዶ/ር ሃብተ ተስፋ ማርያም ብ16 ጥሪ 2017 ብመሪር ሓዘን ዝተዓጀበ ስነ-ስርዓት ተገይርሉ።

ኣብ'ቲ ካብ ሰዓት 2-4፡00 ድሕሪ ቀትሪ ዝተኻየደ ናይ ሓዘን ስነ-ስርዓት ዝተፈላለዩ ውድባትን ውልቀ ሰባትን ብዛዕባ ውዕሎ ገድላዊ ህይወት፣ ተወፋይነትን ምቕሉልነትን ስውእ ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም ትምህርቲ ክወስደሉ ዝግባእ ኣወንታዊ ተመክሮኡ ኣመልኪቶም ምስክርነቶም ዝሃብሉ ከም ዝነበረ፡ ንኣብነት ንብዙሓት ኤርትራውያን ሊቃውንቲ መሰረት ዝኾነ ኣብ ከሰላ ሱዳን ዝርከብ ቤት ትምህርቲ ደምበስኮ ኣብ ምምስራት ልሉይ ተራ ዝተጻወተይ ወዲ ህዝቢ ምንባሩ ከም ዝተገልጸን ኣብ'ቲ ናይ ሓዘን ስነ-ስርዓት ብኣካል ዝተሳተፈ ወኪል ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ሓቢሩ።

ሓዘንተኛታት፡ ብዙሓት ንስለ ሃገራዊ ነጻነት፡ ህዝባዊ ሰላምን ህዝባዊ ደሞክራስን ዕድሜኦም ምሉእ ኣብ ቃልሲ ዘሕለፉ ገዳይም ተጋደልቲ፡ ምስ ዘዋህለልዎ ሃብታም ተመክሮኦም ብባህሪያውን ካልእ ምኽንያትን ኣብ ሃገረ ስደት ብመስዋእቲ ይሓልፉ ምህላዎም ንኩነታትና ኣዝዩ ዘሕዝን ከም ዝገብሮ፡ እዚ ከኣ፡ ዘለውና ፍልልያት ብግቡእ ኣመሓዲርና ንሓሳብና ብተግባር ኣሰኒና ተላፊና ክንሰርሕ ዘገድድ ምኽኣኑን ብምንጻር፡ ብፍላይ ገለ ካብ ገዳይም ተጋደልቲ ደቂ-ኣንስትዮ ንሕና ከም ወላዳት፣ ከም ኣዴታትኩም፣ ከም ኣሓትኩምን ኣንስትኹምን መጠን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝፍጸም ዘሎ ግፍዒታት ብሓፈሻ፡ ኣብ ምድረ በዳ፣ ባሕርን ብነገዶ ሰብን ይጠፍኡ ናይ ዘለው ዜጋታትና ድማ ብፍላይ ዝስመዐና ሓዘን ካብ ክንጻወሮ ንኽእል ንላዕሊ ብምኻኑ ክዳና ደርቢና ክንዓብድ ቀርብና ከምዘለና በዚ ኣጋጣሚ ክንሕብረኩም ንድሊ ክብላ ብንብዓት እናተሓጽባ ዘመሓላለፋኦ መልእኽቲ ኣዝዩ ዝመረረ ሓቅን ንህልው ኩነታትና ገላጽን ምንባሩ ወኪልና ወሲኹ ኣረዲኡ።

**ልዕሊ 180 ዜጋታት ምብራቕ ኣፍሪቃ ኣብ ባሕሪ ሜዲትራኒያን ደሃይ ኣጥፊኦም።**

ኣብ ሓንቲ ጀልባ ተሳፊሮም ካብ ገምገም ባሕሪ ሊቢያ ናብ ምድሪ ኤውሮጳ ካብ ዝተበገሱ፡ ዜጋታት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ከም ዝኾኑ ዝተነግረሎም ስደተኛታት፡ ኣስታት 180 ብቀዳም 14 ጥሪ 2017 ኣብ ባሕሪ ሜዲትራኒያን ብዘጋጠሞም ናይ ምጥሓል ሓደጋ ደሃይ ኣጥፊኦም ከም ዘለዎን ብህይወት ክህልው ዘሎ ተስፋ ዝማህመን ምኻኑን ማዕከን ዜና ሮይተርስ ብ17 ጥሪ 2017 ኣፍሊጡ።

ነዚ ዘሕዝን ሓበሬታ ዝሃቡ ካብ'ቲ ሓደጋ ንስካል ዝተረፉ ክልተ ኤርትራውያንን ክልተ ኢትዮጵያውያንን ምኻኖም ዝሓበረ ሮይተርስ እቶም ውጻእ መዓት ብዝተገብረሎም ናይ ህይወት ኣድሕን ሓገዝ ድሮ ናብ ወደብ ትራፓኒ (ደሴት ሲቺሊያ) ኢጣሊያ ምስ ኣተው ንሰበ-ስልጣን ኢጣልያ ብዝሃብዎ ሓበሬታ መሰረት'ዩ እቲ ኩነታት ክፍለጥ ተኻኢሉ ክብል ኣረዲኡ።

ብመሰረት'ቶም ውጻእ መዓት ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ እታ ጀልባ ክብገስ እንከለው ልዕሊ 200 ሰባት ኣሳፊራ ከም ዝነበረት፡ ተሳፈርታ ዜጋታት ሃገራት ምብራቕ ኣፍሪካ ምንባሮም፡ ኣስታት ን5 ሰዓታት ብደሓን ከምዝተጓዕዙ፡ ደሓር ግን ሞተረ ክገድዖም ከም ዝጀመረ፡ ንሳቶም ግን ንስክላ ኣብ'ቲ ከባቢ ኮለላ ተካይድ ብዝነበረት ናይ ፈረንሳ መርከብ ብዝተገብረሎም ሓገዝ ከም ዝደሓኑ ኣረጋጊጾም ይብል ጸብጻብ ሮይተርስ።

**ጸላኢ ንፕሮፖጋንዳዊ ምልዕዓል ንኣውስትራሊያ ካብ ዝለኣኻ ጉጅለ ባህሊ**

**ሓደ ኣባል እታ ባህሊ ፖለቲካዊ ዕቑባ ሓቲቱ።**

***ጸላኢ ከም'ቲ ወትሩ ብሽፋን ኣብ ወጻኢ ንዝርከቡ ዜጋታት ምዝንጋዕ፡ ንፕሮፖጋንዳዊ ምልዕዓልን መቐረሚ ገንዘብ ናብ ዝተፈላላያ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ፣ ኤውሮጳ፣ ሰሜን ኣመሪካን ኣውስትራሊያን ብገንዘባዊ ትሕጃ፣ ብዋሕስን ጸጥታዊ ሓለዋን ዘዋፍረን ውሽጣዊ ነጻነት ዘይብለን ጉጅለታት ባህሊ፡ ናብ ኣውስትራሊያ ካብ ዝተላእከት ጉጅለ ስዒድ ዓብደላ ዝተባህለ ብቛንቋ ትግረ ዝደርፍ ስነ-ጠበባዊ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ግዜያት ኣብ ኣውስትራሊያ ፖለቲካዊ ዕቑባ ሓቲቱ ከም ዘሎ እሙናት ምንጭታት ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ ካብ ኣውስትራሊያ ሓቢሮም።***

***ደመኛ ጸላኢ ህዝብታት ኤርትራ ዝኾነ ስርዓት ህግደፍ፡ ዋላ'ኳ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣለኹ ንማለትን ንመኣከቢ ገንዘብን ዝልእኮም ሞያተኛታት ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ፣ ዋሕስ፣ ናይ ጉዕዞ ሰነዳት ብምቑጽጻር፡ ብግሁድን ብስውርን ሓያል ጸጥታዊ ምክትታልን ዝገብር እንተኾነ፡ ብግፍዓዊ ምሕደራኡ ንዝተማረሩ ስነ-ጥበበኛታት በብዝወጽእዎ ካብ ምትራፍን ፖለቲካዊ ዕቑባ ካብ ምሕታትን ከምዘይዓገቶም፡ በብግዜኡ ናይ ዝርሕርሕዎ ዘለው ደረስቲ፡ ዘየምትን ደረፍትን ቁጽሪ ይውስኽ ምህላው ጭቡጥ መረጋገጺ'ዩ።***

***ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡*** 20-01-2017